Zara Selam
MEDIA

ዛራ ሰላም ነዘን ሕቶታት እዚኣተን ብትሕዝቶን ሓሳብን ዝተቐራረባን ዝተኣሳሰራን ከም ምዃነን መጠን ብሓንሳእ ክትምልሽን ዝሓሸ ኾይኑ ረኺባቶ፥

ራኢ ዛራ ሰላም ሜድያ ምስ ራኢ ስዉእትና ይሰማማዕ'ዶ?

ናይ ዛራ ሰላም ሜድያ ዕላማ ካብቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ነጻነት ቃልሲ ይእለ ወይ ይፍለ ዶ?

ሰላም ኣብቲ ራኢኣ ክትሕንጽጽ እንከለ ንሓርበኛነት ብኸመይ ትገልጾ?

ዛራ ሰላም ብዕላማ ናይ ውድብ ወይ ፖለኪካዊ ሓይሊ ጽግዒ ዘይብላ ምዃና ኣፍሊጣ። እዚ መርገጽ እዚ ጸረ መንግስቲ እሞ ጸረ ሃገር'ዶ ኣይገብራን።

# ዛራ ሰላም ሜድያ - ራኢ፣ ሓርበኛነትን ሰልፋዊ ዘይጽጊዕነትን

🌿 🕊️ምስ ስዉኣት ኤርትራ ዝኸፈልዎ ዋጋ ከም ዝሳነ

🕯️ **ክብሪ ፣ ዋጋ ምኽፋል ፣ ሓድነት**

ራኢ ዛራ ሰላም ሜድያ ምስቲ ጀጋኑ ተጋደልትናን ህዝብናን ዝተሰዉእሉ ዕላማ ብዝኾነ መልክዑን ትሕዝትኡን ኣይፍለን እዩ። እኳ ደኣ ኣዝዩ ዝቀራረብን ዘንጸባርቕን እዩ። ካብቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ጉዳይ ናይ ጀጋኑና መስዋእቲ ብዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ንመኽሰብ ናይቲ ፖለቲካዊ መርገጾም ክብሉ ብዘይ ኣገባብ ካብቲ ሓቀኛ መልክዑን መንፈሱን ብዝወጽእ ምልክዕ ይጥቀምሉ ምህላዎም እዩ።

ኩላቶም እቶም ፖለቲካዊ ሓይልታት ነቲ ጀጋኑ ስዉኣትና ዝኸፈልዎ ክቡር ህይወት ዕላማታት ከም ዘኽብሩን ንዕኡ ከተግብሩን እዮም ዝገልጹ። እንተኾነ ግን እዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ዝኾነ ንኹሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ነቲ ጸቢብ ፖለቲካዊ መርገጾም ክብሉ ክጥቀምሉ ከምዘይብሎም ትጽውዕ።

ዛራ ሰላም ሜድያ ጀጋኑ ስዉኣትን ዝኸፈልዎ መዘና ዘይብሉ ዋጋ ወትሩ ብመንፈስን ብግብሪን ንሃገራዊ ዕላማ እዩ። እቲ ህይወቶም ዝኸፈልሉ ዕላማ ንምልእቲ ሃገረ ኤርትራን ብዘይ ኣፈላላይ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራን እንበር ንናይ ዝኾነ ውድብ ይኹን ሰልፊ ወይስ ጉጅለ ፖለቲካዊ መደብ ከም ዘይኮነ ዛራ ሰላም ሜድያ ትኣምኖ መርገጽን እዩ።

እቲ ዝኸፈልዎ ዋጋ ንፍትሕን⚖️ ማዕርነትን 🤝 ናይ ሓሳብካ ምግላጽ ነጻነትን 🗣️ ሓድነትን 👐 ቅሳነትን 🌿 - መሰረታዊ መትከላት ናይ ዴሞክራሲያዊ ሂወት እዩ ነይሩ።

ራኢ ጀጋኑ ስውኣትና ዲሞክራስያዊ መትከላት ዝማእከላ ኾይና ኤርትራውያን ብዘይ ስክፍታን ምዩቕታን ኩሉ መሰላቶም ዝጥቀሙሉ ሃገራዊ ነጻነት ንምዕዋት እዩ ነይሩ። ራእዮም ኤርትራ ኣብነትን ዝቕንኣን ሃገረ ኣፍሪቃ ክትከውን እንበር መንእሰያታ ኣብ ዓለም ፋሕ ኢሎም ብስደት ዝሳቐዩላ ሃገር ከም ዘይነበረት ኩሉ ክሰማማዓሉ ሓቂ ክኸውን ይብኦ። ነዚ ነጺጉ ዝቐርብ እንተሎ ዛራ ሰላም ሜድያ ብልዙብ መንገዲ እዋሓስ ትብሎ እሞ ኣግብእይ

ይበል። ኤርትራውያ ዝሓሸ መነባብሮ ንምንዳይ ገዘኦምን ስድርኦምን ሃገሮምን ገዲፎም ናብ ካልኦት ሃገራት ዓላም ዝሰደዱላ ነጻነት ኣይነበረን። ኤርትራውያን ምስ ጎረጋብቶም ሃይማኖትምን ባህሎምን ብዘየገድስ ብሰላም ክነብሩ ሓደ ኣካል ናይ ራኢ ስዉኣትና እዩ ነይሩ።

ስለ ዝኾነ ድማ ናይ ዛራ ሰላም ሚድያ ራኢ ምስቲ ዕላማታት ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈሎ ክቢድ ዋጋ ነጻነት ብስጡም ይዛመድ።

# ንሃገራዊ ሓድነትን ልዝብን ብምሉእ ኣትኩሮ ምስራሕ

**🤲ኣኽብሮት - ጽን ኢልካ ምስማዕ - ማሕበረ ሰብ**

ዛራ ሰላም ሚድያ ናይ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣብ መንጎኦም ኣጽቢቦም ነንሕድሕዶም ጽን ኢሎም ክሰማምዑን እሂን ምሂን ተባሃሂሎም ብኣኽብሮትን ትሕትናን ክላዘቡን ትሰርሕ። ዛራ ሰላም ሚድያ ኣብ ዝሃለው ሃልዮም ኤርትራውይ ነንሕድሕዶም ብስኒትን ብፍቕርን ኣኽብሮትን ናቶምን ናይ ጎረባብቶምን ሂወት ብዘመሓይሽ ናብራ ክነብሩ ትደልን ትሰርሕን።

**እቲ ሕመረት ትርጉም ናይ ነጻነት ድማ ብኢኮንያሚያዊ ርግእት ዝተሰኖ ሃገርካ ከይገደፍካ ምንባር እዩ።**

# ትርጉም ሓርበኛነት

**❤️ፍቕሪ ሃገር -ምእዙዝነት- ፍትሒ**

ዛራ ሰላም ንሓርበኛነት ከምቲ ኣብ መዝገበ ቃላት ዝወሃቦ ንቡር ትርጉም እያ እትሪኦ። ሓፈሻዊ ጹማቕ ናይ መዝገበ ቃላት ትርጉም ከም "ፍቕርን"፣ "ተወፋይነትን ሓበንን ንሃገርካ" ማለት ገይሮም ይትርጉምዎ።

በብናቶም ኸኣ፥

መርየም-ወብስተር፥ "ፍቕሪ ወይ ተወፋይነት ንሃገርካ"

ካብምብሪጅ ዩኒቨርስቲ፥ "ንሃገርካ ልዕሊ ኹሉ ናይ ምፍቃር ስሚዒት ምህላውን ብኡኡ ምሕባንን"

ኮሊንስ ዲክሺነሪ፥ "ሃገርካ ምፍቃርን ንዕኡ ድማ ምእዙዝ ምዃንን"

ዛራ ሰላም ሚድያ ትፍልየሉ እንተሎ ገለ ኣካላት ነቲ ሓቀኛ መንፈሱን ትርጉሙን ጠምዚዞም ካብ ትሕዝትኡ ወጻኢ ክጥቀሙሉ ምርኣይ እዩ።

ዛራ ሰላም ሚድያ ሓርበኘት ንኹሉ መደባትን ውሳኔታትን ፖሊሲታትን ናይ ሓደ መንግስቲ ምሉእ ንምሉእ ሕሉፍ ምእዙዝነት ማለት ኣይኮነን ትብል።

- ER ብርእይቶ ዛራ ሰላም ሚድያ ሓቀኛ ሓርበኝነት ማለት፥
- 🕯️ ኣኽብሮት ንልዑላውነት ሃገረ ኤርትራን ሃገራዊ ነጻነትን
- 🤝 ዝለዓለ ኣኽብሮት ንስዉኣት ኤርትራ
- ⚖️ማዕረነትን ፍትሕን
- 🌿 ሃገራዊ ሓድነትን ቅሳነትን

ዛራ ሰላም ብዕውር ምእዙዝነት ናይ ሓደ ሰብ፣ ሰልፊ፣ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፣ ፖሊሲ፣ ጉጅለ፣ ሓይሊ ዝግለጽን ዝርኣን ኣኽራሪ ተርእዮ ከም ሓርበኝነት ትነጽግ። ብወገና ዛራ ሰላም ብግብርን ብሓሳብን ዘይነቓነቕ ብፍትሕን

ማዕርነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰነየ ሃገራዊ ነጻነት ገይራ ትገልጾ። ዛራ ሰላም ሜድያ ምስ ኣሰማት ብምልጣፍ ብምክፍፋል ኑቶም ብዕሙቶም ነቲ ናይ መንግስቲ ውሳኔታትን ምሕደራን ዝስዕቡ ከም “ሃገራዊ” ሓርበኛ ከም ማለት ኑቶም ነቲ ናይ መንግስቲ ምሕደራ ብዝኾነ መልክዕ ዝነቕፉ ወይ ዝቃወሙ ድማ ከም “ዘይሃገራዊ” ወይ “ከዳዕ” ምጽዋዕ ኣይትስማማዓሉን እያ።

ምኽንያቱ ድማ እዚ ስም ኣለጣጥፋ እዚ እቲ ቀንዲ ነቲ ምፍልላይ ዘሕንንን ዘየቀራርብን እኳ ደኣ ኣረሓሓቒ ነጥቢ እዩ። ሓደ ዘይ ኤርትራዊ ወይ ዘይ ሃገራዊ ኢሉ ምስ ዝጸርፈካ ዝኾነ ምስቲ ውልቀ ሰብ ክካየድ ዝኽእል ዝርርብ ወይ ልዝብ ፈጺሙ ዕድል ኣይረክብን ፣ ብመንጽሩ ድማ ሓደ ሰብ ጠላም ሕድሪ ስዉኣት ኢሉ ምስ ዝጸርፈካ እቲ ክኽፈት ዝነበሮ ማዕጾ ዝርርብ ፈጺሙ ይዕጾ።

# ዘይጸግዓዊ መርገጽ፣ ዘይ ጸረ ሃገርነት ፣ ዘይ ጸረ መንግስቲ

**⚖️🕊️ዘይጸጊዓውነት - ሰላም- ሃገራዊ ረብሓ**

ዛራ ሰላም ሜድያ ፖለቲካዊ ጸግዒ ዘይብላ ሜድያ ገይራ ትቐጽራ ብኡኡ መሰረት ኸኣ ዕላማዊ ስራሓ ተካትት። መስረቲ ዛራ ሰላም ሜድያ ንነብሶም ፈጺሞም ጸረ - ሃገረ ኤርትራ ወይ እውን ጸረ-መንግስቲ ገይሮም ኣይርእይዋን እዮም። ብኣንጻሩ መስረቲ ዛራ ሰላም ንሃገራዊ ዕላማ ንህዝቢ ኤርትራ መነባብሮ ዘመሓይሽ ዝሰርሑ ሓርበኛታት ኤርትራውያን ሃገራውያን ምኻኖም ኣሚኖም እዮም ኣብ ኩሉ ሂወቶም ዝንቀሳቐሱ። ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ክቡር ውርሽታትና ብምኽባርን ብምሕዳስን ብምዝውታርን ነንሕድሕዶም ብኣኽብሮት ክረኣእዩን ክቃረርቡን ምስራሕ ምጥባቕን ጸረ ወይ ደጋፊ መንግስቲ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ ተጣበቕቲ ሃገረ ኤርትራን ህዝብን ኤርትራ ምኻኖም እዩ ዘረጋግጽ።

ዛራ ሰላም ካብ ግዜ ናግ ግዜ ብደገፍቲ መንግስትን ብኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን ዝተፈላለየ ስማዊ መጥቃዕቲ ከጋጥማ ከም እትኽእል እትግምቶ ጉዳይ እዩ። ዝኾነ ንምድኻምናን ንምድሃልናን ወይ ካብ ናይ ዕላማ ዛራ ሰላም ሜድያ ንምዝንባልናን መጸውዒ ስም ምስ ዝወሃበና ኣብዚ ግዜ'ዚ ዘሎ መርበብ ሓበሬታትን ማሕበራዊ ሜድያታት ሓቅነቱ ብዘይ ተጻረየን እሙን ዘይኮነ ጸለመን ጸረ ጸለመን ተዓብሊሉ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃለዋት እቲ ሓደ ቅኑዕ ኣማራጺ ጸግዒ-ኣልቦ መረግጽ ምሓዝን ብኡኡ ምስራሕን እዩ።